# ክንብር ኢና ብውሳኔና

ኣብ ክንዲ ብርእሰ ሙርኮሳ ንሰላምን ልምዓትን ዝመከተና
ንምፅሩይ ፍትሒ ንምስፋን ኣብ ክንዲ ተቓለሰና
ጽቡቕና ዘይደልዩ ፡ ባ ፡ ተሻረኹ ክድውኑ ምስልና
ኣብ ልዕሌና ኣብ ልዕሊ ደጀን ኣምሲሎም ተገልበጡና።

እዞም ሰባት ይጋገዩ'ለዉ ይምስለኒ
እሞ ኸኣ ተደጋገመ ተገክለ ግፍዒ
ኣብ ልዕሊና ኣብ ልዕሊ ሰብ ሓበን
ዘይሕሰብ'ዩ ዓቢ ድፍረት ኣበደን !

ኤርትራውያን ዋጋ መሰዋእቲ እምበር ትካቦ ኣይኮናን
ኣኽሊል ኣይደፋእናን ብበጃኹም ተመጽወትና ኣይኮናንን
ብሉጻት ከፊልና ብዓወት ብኽብሪ ዝተዓወትና ክንሰና
እዞም ሰባት ግን ይገግዩና ኣለዉ ንሕና  መን ምዃና !

ብጽፍርና ብሓይልና ብመኸተና ብሓድነትና
ብመገዲ ዋርሳይ ይከኣሎ ቁጠባና ዘረጋገጽና
ብጽንዓት ህዝብናን መንግስትናን ዓለም ተገረመልና
እምበርዶ ይፈልጡ'ዮም ዞም ሰባት ንሕና መን ምዃና !

ባዕሎም ኣለምቲ ጠጃእቲ ፡ባዕሎም ከሰስቲ ፈረድቲ
ንረብሕኦም ክብሉ'ባ  ሰዓቡ ሓሰውቲ ከሓድቲ
ከም ኣመሎም ተረኺቡ ተረፍ መረፍ ካብ ኮነንቲ
ኣይተዓወቱን ! ይዋኣዮም ታሪኻውያን ተጻባእቲ።
መንዩ ከሕልፎም ዞም ደፋራት ! ከሎና ፡ ሓቀኛ ተጣበቕቲ
ኣለናዶ እዛ ሃገር ኣሕሊፍና ዘይንህብ ተኻላኸልቲ።

ኤርትራውያን ኣጆኹም ኣጆና ኩሉ ክሰገርዩ ክንድይ ዘሰገርና
ክንብር ኢና ዘራይ ውን እንተዘብልና ፡ ሓቅን ቅንዕናን እዩ ዘናብረና
ንሳቶም እኳ ከይደቀሱ ዝሓደሩ ክፍሕሉ ንኽፍኣትና
ከመይ ደኣ ደው ዘይንብል ምስ ልምዓታዊ ሓሳባትና
ድልዱል ዓንዲ ሑቖ'ሎና መንግስትናን ሰራዊትናን
ሕጂ'ውን እምቢ ንእገዳ ክንብር ኢና ብውሳኔና ።

መጎስ ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ !

ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል !

ክብርን ሞጎስን ንሰውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ብምኽንያት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ከለን ተጻሒፈት ግጥሚ (ከለን ዕለት 17.12.11)